# ውሕስነት ክታበት ኮቪድ-19፡ ክፍለጥ ዘለዎ

Vaccinate WA
CovidVaccineWA.org

## እቶም ክታበታት ውሑሳት ኢዮም

እቶም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘለውና ክታበታት ኮቪድ-19፡ ኣብ ታሪኽ ሕቡራት መንግስታት በቲ ዝሓየለ ቁጽጽር ውሕስነት ዝሓለፉ ኢዮም[1]። ኩሎም እቶም ክታበታት ሙሉእ ብሙሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ወይ ብህጹጽ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝተፈቐደሎም እዮም U.S. Food and Drug Administration (FDA, ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ሕ.መ.ኣመሪካ) - ማለት FDA ሓደገኛ ናይ ድሕነት ስክፍታታት ኣይተረኸቦምን። ብተወሳኺ፡ ገለልተኛታት ክኢላታት ነቲ መጽናዕትታት ገምጊሞሞ ከምኡ`ውን ዝኾነ ስክፍታ ኣይረኸብሉን።

ኣብቶም ክታበታት ክትትል ምግባር ይቕጽል ኣሎ ንውሕስነትን ውጽኢታውነትን፡ ምኽንያቱ ብሓፋሽ ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ ስለዘለዉ። ሕብራት መንግስታት ብዙሓት ዘቕመጠቶም ስርዓታት ኣለዉዋ ዝፍትሹ ጉዳያት ውሕስነት ከምኡ`ውን እንተ ኣጋጢሞም ቀሊጢፎም ዝረኽቡዎም።

## እቶም ክታበታት ይሰርሑ

ገለ ክታበታት ካብ ካልኦት ክታበታት ከምዝሕሹ ዘርእዩ ሓበሬታ ሪኢኹም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ክሊኒካውያን ፈተነታት ኩሎም ዝቐረቡ ክታበታት ኣብ ምክልኻል ኮቪድ-19 ልዑል ውጺኢት ከምዘለዎም ኣርእዮም። እቶም ኣብ መንጎ ክታበታት ዝርከቡ ፍልልያት ከተወዳድሮም ከበድቲ ኢዮም፡ ምኽንያቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያትን ቦታታትን ዝተፈተኑ ስለዝኾኑ። ገለ ክኣ`ሞ ኣንጻር ዝተፈለዩ ዓይነት ዝተጎድኡ ኮቪድ-19 ኢዮም ተፈቲኖም።

ሓንሳብ ብምሉእ ምስተኸተብኩም ጌና ይክኣል ኢዩ ኮቪድ-19 ክሕዘኩም፡ ግን ኣዝዩ ትሑት ተኽእሎ ኢዩ ዘሎ ኣዚኹም ንክትሓምሙ ወይ ናብ ሆስፒታል ክትኣትዉ። ነፍሲ-ወከፍ እቶም ክታበታት ብውሑዱ 85 ሚእታዊት ኣድማዕነት ኣብ ምክልኻል **ብርቱዕ** ሕማም ኮቪድ-19 ከምዝለዎም መጽናዕትታት ኣርእዮም። እቶም ክታበታት ንብዙሓት ሰባት ተኸላኺሎምሎም ካብ ምሓዝ **ዝኾነ** ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19፥

- Johnson & Johnson (Janssen)፡ 74 ሚእታዊት
- Pfizer-BioNTech፡ 95 ሚእታዊት
- Moderna፡ 94 ሚእታዊት

## ጎናዊ ሳዕቤናት ንቡራት ኢዮም

ካብቲ ክታበት ኮቪድ-19 ክሕዘኩም ኣይክእልን ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ከም ካልኦት ክታበታት ጎናዊ ሳዕቤናት ክስምዑኹም ይኽእሉ ኢዮም። እዚኦም ምልክታት ናይ እቲ ክታበት ይሰርሕ ምህላዉ እዮም። ኣብቶም ናይ ክልተ ዓቐን (ዶዝ)፡ ድሕሪ`ታ ካልአይቲ ምውጋእ ዝኽተሉ ጎናዊ ሳዕቤን ዝገደዱ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። እንተተኻኢሉ ነብስኹም ከተዕርፍ ከምኡ`ውን ክትሓዊ ግዜ ሃብዋ ኣብታ መዓልቲ ወይ ክልተ መዓልቲ ድሕሪ`ቲ መውጋእቲ። ነቶም ብክልተ ዓቐን (ዶዛ) ዝውሰዱ ክታበታት ኮቪድ-19፡ ኣረጋግጹ ኢኹም እታ ካልኣይቲ ዓቐን (ዶዝ) ከም እትወስዱዋ። ድሕሪ እቲ ካልኣይ ዶዝ ምውሳድኩም ክልተ ሰሙናት ክሳብ ትገብሩ ብምልኣት ከምዝተውሓስኩም ኣይትቖጸሩን ኢኹም።

### ኣብታ እቲ መርፍእ ዝተወጋእኩምላ ኢድ፡

- ቃንዛ
- ምቕያሕ
- ሕበጥ



### ኣብ መላእ ኣካላትኩም፡

- ድኻም
- ሕማም ርእሲ
- ቅርጥማት
- ገብገብታ
- ረስኒ
- ስግድግድ



[1] Centers for Disease Control and Prevention, "Safety of COVID-19 Vaccines (ውሕስነት ክታበታት ኮቪድ-19)"። መጋቢት 25, 2021፡ ዝርከብ ኣብ-መስመር ኣብ፡ https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/vaccines/safety/safety-of-vaccines.html።

# ምልክታት ናይ መልሰ ተግባር ቁጥዐ

ናይ መልሰ ተግባር ቁጥዐ ነቲ ክታበት ሳሕቲ ኢዮም፡ ግን ከጋጥሙ ይኽእሉ ኢዮም። እቶም ክሊኒክ ብውሑዱ ን15 ድቓይቕ ክከታተልኹም ኢዮም ድሕሪ ምኽታብኩም ምናልባት ናይ መልሰ ተግባር ቁጥዐ እንተ ኣጋጢመኩም። ግብራዊ መለሻ ክህቡ ዝሰልጠኑ ኢዮም ከምኡ`ውን ብኸመይ ከምዝሕግዝኹም ይፈልጡ ኢዮም።

እንድሕር ድሕሪ`ቲ ክሊኒክ ምግዳፍኩም ናይ መልሰ ተግባር ቁጥዐ ኣርኢኹም፡ ደውሉ ናብ 911። ምልክታት ናይ መልሰ ተግባር ቁጥዐ የጠቓልሉ ከም፡ ጸገም ምስትንፋስ፡ ሕበጥ ናይ ገጽን ጎሮሮን፡ ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ሕማቕ ዕንፍሩር ኣብ ምሉእ ኣካልኩም፡ መንጸሮር ከምኡ`ውን ድኽመት።

## ሓግዙና ኣብ ምሕላው ዝኾነ ስግኣታት ውሕስነት

ተመዝገቡ ን V-safe ንክትሕብሩ ዝኾነ መልሰ ተግባር፡ vsafe.cdc.gov። ናትኩም ተሳትፎ እቲ መድሃኒት ንኩሉ ሰብ ውሑስ ኮይኑ ክቕጽል ይሕግዘና።

ንስኹም ወይ ወሃቢ ክታበትኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም ብርቱዓት መልሰ ተግባር ን the Vaccine Adverse Event Reporting System (VAERS) (ስርዓት ምሕባር ተጻረርቲ ኣጋጣሚታት ክታበት)። FDA፡ Centers for Disease Control and Prevention (CDC) (ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማም) ከምኡ`ውን Washington State Department of Health (DOH) (ክፍሊ ጥዕና ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን) ይጥቀሙ ን VAERS ኣብ ምክትታል ዝንባለታት ወይ ተኽእሎ ጸገማትን።

ሓበሬታ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም ናብ vaers.hhs.gov።

## ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌታትን ብሄራትን ዝኾኑ ሰባት ተሳቲፎም ኢዮም ኣብቲ ፈተነ

ስነ-ፍልጠተኛታት ንነፍሲ-ወከፍ ክታበት ኣብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ፈቲኖሞ ኢዮም።







[2] Food and Drug Administration. “FDA Briefing Document: Pfizer-BioNTech COVID-19 Vaccine”፡ Vaccines and Related Biological Products Advisory Committee (ኮሚቴ ምኽሪ ክታበታትን ምስኡ ዝዛመዱ ስነ-ህይወታውያን ፍርያትን) ኣኼባ። ታሕሳስ 10, 2020፡ ክርከብ ዝከኣል ኣብ-መስመር ኣብ፡ https://www.fda.gov/media/144245/download።

[3] Food and Drug Administration. “FDA Briefing Document: Janssen Ad26.COV2.S Vaccine for the Prevention of COVID-19”, Vaccines and Related Biological Products Advisory Committee ኣኼባ። ለካቲት 26, 2021፡ ክርከብ ዝከኣል ኣብ-መስመር ኣብ፡ https://www.fda.gov/media/146217/download።

[4] Food and Drug Administration. “FDA Briefing Document: Moderna COVID-19 Vaccine”, Vaccines and Related Biological Products Advisory Committee ኣኼባ። ታሕሳስ 17, 2020፡ ክርከብ ዝከኣል ኣብ-መስመር ኣብ፡ https://www.fda.gov/media/144434/download።

እቲ ክታበት ንቑልዑ፣ ንጥኑሳት፣ ከምኡ'ውን ንሕምማ ንዘለዎም ሰባት ድሕንነትን ውጽኢታውን ኢዩ። ዝኸተቡ ሰባት ቀኑጽሮም እናወሰኸ ብዝኸደ መጠን፣ ብዛዕባ ድሕንነትን ጐዳኢ ሳዕቤናትን ዝያዳ ሓበሬታ ኽንረክብ ኢና። ክታበታት ኮቪድ-19 ውሑሳት ከምዝኾኑን ሳሕቲ ጥራይ ከቢድ ዝኾነ ጎናዊ ሳዕቤን ከምዘለዎምን ኢዩ ዳታ ዘርኢ።

## ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕና ወይ ክሊኒክ ተዘራረቡ እንድሕር ስክፍታታት ኣለኩም ብዛዕባ ምኽታብ



### ቁጥዐታት

- Centers for Disease Control and Prevention (CDC,ማእከል ቊጽጽርን ምክልኻልን ሕማም) ኣብቲ ክታበት ዘሎ ቐመማት ኣለርጂ ንዘይገብረሉ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ክኽተብ ከም ዘለዎ ይመክር።
- ናይ መልሰ ተግባራት ቁጥዐ ንክታበታት ኮቪድ-19፡ ብሰንኪ እቶም ፖሊታይሊን ግላይኮል (PEG) ከምኡ`ውን ፖሊሶርቤይት ዝተባህሉ ስብሒ ናይቲ ክታበት ኢዮም ተባሂሎም ይሕሰቡ።
- እቶም ክታበታት ከምዚ ናይ መግቢ ናይ ሓባር ቁጥዐታት የብሎምን፡ ስለዚ እቲ ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ዝውሰደሉ ግዜ ዝበዝሑ ካልኦት ቁጥዐታት ስግኣት ክኾኑ የብሎምን። ንኣብነት፡ እቶም ክታበታት ነጻ ካብ እንቋቑሖ፡ ነጻ ካብ ነኁዒ ከምኡ`ውን ነጻ ካብ መጽንሒ ኢዮም።

### ስነ-ምግባር

እቶም መቃምምቲ ክታበት ኮቪድ-19 ውሑሳትን ነቲ ክታበት ስርሖ ንክሰርሕ ዘድልዩን ኢዮም። ሓደ ጭራም ናይ ክታበት Johnson & Johnson ዝተሰርሐ ኢዮ ኣብ ውሽጢ ኣብ ላባራቶሪ ዝዓበዩ ቅድሓት ዋህዮታት መበቆሎም ካብ ቅድሚ 35 ዓመት ዝተገብረ ናይ ብምርጫ ጥንሲ ምንጻል ኢዩ። ብዙሓት ካልኦት ክታበታት ዘጠቓልሉ ናይ ንፍዮ፡ ንፍዮ ጀርመን ከምኡ`ውን ሄፓታይተስ ኤይ ብልክዕ በቲ ኣገባብ ኢዮም ዝስርሑ። ዝኾነ ካብዞም ክታበታት ናይ ሰብ ዋህዮታት (ዕሽላዊ ዋህዮ)፡ ናይ ኮቪድ-19 ቫይረስ፡ ነኁዒ፡ መጽንሒ ወይ ዝኾነ ናይ እንስሳ ውጽኢት ዘጠቓልል ናይ ሓሰማ ስጋ ወይ ጀላቲና የብሉን። እቶም ክታበታት ኣብ እንቋቑሖ ኣይኮኑን ዝዓብዩ ከምኡ`ውን ዝኾነ ናይ እንቋቑሖ ፍርያት የብሎምን።

### ሕክምናዊ ኩነታት

- እቶም ክታበታት ኮቪድ-19 ዋላ ኣብ ሕማም ዘለዎም ሰባት ውሑሳትን ውጽኢታውያን ሙኻኖም መጽናዕትታት ኣርእዮም። ካብ ዒስራ ክሳብ 45 ሚእታዊት ናይ ተሳተፍቲ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ፈተነ ክታበት ሕማማት ኔሮሞም ከም ህዝርጥና፡ ሽኮርያ፡ ሕማም ልቢ፡ ሕማም ጨጎራ ከምኡ`ውን ኢች.ኣይ.ቪ።
- ዝተደረተ ዳታ ኢዩ ዘለና ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ክታበት ኣብ ዝተዳኸመ ስርዓት ብዩነት ዘለዎም ሰባት ወይ ናይ ርእሰ-ብዩን ኩነታት። ክሳብ ሕጂ CDC እቶም ክታበታት ነዞም ጉጅለ ክወሃቡም ኢዩ ዝምሕጽን፡ ምኽንያቱ ዝለዓለ ስግኣት ብከቢድ ናይ ሕማም ስለዘለዎም እንድሕር ኮቪድ-19 ሒዝዎም።
- ክኢላታት ሕክምና ጥንስን ሕርስን፡ ነፍሰ-ጾራት፡ ኣብ ጽባወ ዘለዋ ወይ ክጠንሳ መደብ ሒዘን ወይ ዘለዋ ክታበት ኮቪድ-19 ክወስዳ ይምሕጸኑ። ክታበታት ኮቪድ-19 ኣብ ግዜ ጥንሲ ውሑሳት ከምዝኾኑ ኢዩ ዳታ ዘርኢ። ገለ መጽናዕታት ከም ዘርእይዎ ብመገዲ ጥንስን ጽባወን ጸረ-ኣካላት ኣንጻር ኮቪድ-19 ናይ ዝተኸተቡ ወለዲ ናብ ዕሽሎም ክተሓላለፉ ይኽእሉ ኢዮም። ነፍሰ-ጾራት እተን ኣብ ዝለዓለ ስግኣት ከቢድ ሕማም ናይ ኮቪድ-19 ዝርከባ ኢየን፡ እዚ ድማ ሞት ዘጠቓልል ኢዩ። ዝበለጸ መከላኸሊ እቶም ክታበታት ኢዮም።

**DOH 348-799 February 2022 Tigrinya**

እዚ ሰነድ ብኻልእ መልክዕ ክትሓቱ እንተደሊኹም፡ ድውሉ ናብ 1-800-525-0127። ምስማዕ ንዝተስኣኖም ወይ ዝጻንዖም ዓማዊል፡ ብኽብረትኩም ደውሉ ናብ 711 (Washington Relay) ወይ ድማ ኢሜይል ስደዱ ናብ civil.rights@doh.wa.gov።